# ለኹመየ ላሎ...

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ኣብ እምባታተይ፣ ኣብዛ ጣሻየ
ጸባን ምዓርን፣ ምስ ሕምባሻየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ኣብዛ ግራተይ፣ ኣብ ዓደ'ቦየ
ኣብ ወሰን ሩባ፣ ኣብዛ ሰውሓየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ምስ ደቒ ዓደይ፣ ምስ ኣሕዋተየ
ምስ ወይዘራዝር፣ 'ዘን ኣሓተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ሳላ ጭብጦይ፣ 'ዛ ኟዳ ማየ
ምስቱ ኽስታናይ፣ ምስ ኣስላማየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ብዓይነ-ብርከይ፣ ሳላ ጻዕረየ ፣
ሓሪስካ ምብላዕ፣ ብረሃጸየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ሳላ ስግደተይ፣ ጾም-ፀሎተየ፣
ሳላ መብጻዓይ፣ 'ታ ጽላተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ብኻላሽነይ፣ ብመውዜረየ
ሳላ ጋምባለይ፣ ቑምጣ ስረየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!

'ለኹመየ ላሎ፣ 'ለኹመየ!
ደው ይበሉለይ 'ዞም ኣሕዋተየ
ርፍ-ርፍ ይበሉ 'ቶም ጸላእተየ
ኣለኹምበይ! ኣለኹምበየ!









ገ/ኢ. ጐርፉ።